




# መግለጺ ሓዘን  ተጋዳላይ  ዘሙይ ፍስሓ

ተጋዳልይ ዘሙይ ፍስሓ  ብዝሓደሮ ሕማም ብዕለት 22.09.2021 ዓሪፉ። ዘይተጸበናዮ መስዋእቲ ናይ ክቡር  ብጻይ ዘሙይ ፍስሓ  አብ ዝሰማዕኩሉ እዋን አዝዩ መሪር ሐዘን ተሰሚዑኒ።
ዘሙይ ፍስሓ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ እናተማህረ ስሩዕ ናይ ተ.ሓ.ኤ ኮይኑ ሃገራዊ ቃልሱ ብምክያድ ፣ ኣብ መወዳእታ 1974 ዓ.ም.ፈ ድማ ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም ንሜዳ ብውጻእ ኣብ ዝተፈላለይ ሰውራዊ ስርሓት ብምምዳብ ህዝባዊ ግቡኡ ዘወፈየ ባእታ እዩ። ቀጺሉ'ውን ንስደት ናብ ኣሜርካ  ድሕሪ ምምጽኡ ፣ክሳብ ዕለተ ዕረፍቱ ኣብ ቃልሲ ዝጸንሐ ተቓልሳይ ኢዩ።
ዘሙይ ፍስሓ  ካብቲ ዝልለየሉ አገደሲ ባህርያቱ፣ ምስ ኩሉ ሰብ ምቕሉል ጠባይ ዝውን፡ ብናይ ህዝቢ ኤርትራ ሐድነት አዝዩ ዝሐምምን ዝግደስን፣ ከምኡ'ውን ኤርትራ ናይ ጸላም መድረኻታ ተቐንጢጡ፣ አብ ነብሲ ወከፍ ዜጋ አብ ኩሉ ኩርናዕ ኤርትራ ወጋሕታ ብርሃንን፣ ናይ ሓጎስ መቓልሕ ተጋሂዱ ክርኢ ዝትምነ ተቓላሳይ ኢዩ ነይሩ። ወዲ ሰብ ብስጋዊ ሂወት

ካብዛ ዓለም’ዚአ ክፍለ ባህርያዊ’ኳ እንተኾነ፣ ብጻይ ዘሙይ ፍስሓ ኮነ፣ ካልኦት ጀጋኑ ሓርበኛታትና፣ ንህዝቦምን ንሃገሮምን ክብሉ ተቓሊሶም ፥ ንፍትሓዊት ኤርትራ ከይርእይዋ ክሓልፉ ብሓቂ ዘስደምም እዩ።

ሎሚ ነቲ ናይ ቃልሲ ብጻይናን ክቡር ሓርበኛ ሐውናን ዝኾነ ዘሙይ ፍስሓ ፣ ነቲ ንሱ ዝሐደጎ ሃዳፍ ናይ ቃልሲ ቦታ ቁሊሕ ብምባል፣ ንአበርክቶኡን ነቲ ልዙብ ጠባያቱ ብምሕሳብ እንዳተደፋነቕና፣ ክሳብ ተራና ሒዝና እነርክቦ ድሐን ኩን ጅግና ኢልና ብኽብሪ ንሳናበቶ።

እቲ ብሓባር ዘሕለፍናዮ ግዜ ኣብ ዩኒቨርሲት ፣ ቀጺልና’ውን ሃገራዊ ግቡእና ንክንፍጽም ንሜዳ ክንስለፍ’ሞ ኣብ ዓዲ ቢደል ሰራዊት ሓርነት ክቕበሉና ቅጅል እናበለኒ ብሰላም ዕረፍ። በዚ አጋጣሚ ንመላእ ቤተሰቡን ብጾቱን አምላኽ ጽንዓት ክህቦም፣ ንዕኡ’ውን መንግስተ ሰማይ የዋርሶ ብምባል፣ መሪር ሓዘነይ እገልጽ።

ጽገዮውሃንስ ኪዳነ
29.09.2021